
Barnskyddsteam
Region Skåne

*Tigrinja*

ሓበሬታ ንወለዲ፤

# ናይ ስክፍታ ምልክታ ናብ እንዳ ሶሻል



# ናይ ስክፍታ ምልክታ ናብ እንዳ ሶሻል

ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና ሓደ ቈልዓ ጉድኣት ይወርዶ ኣሎ ዝብል ስክፍታ ምስ ዝህልዎምን ወይ ድማ ወለዲ ናይ'ቲ ቈልዓ ካብ እንዳ ሶሻል ሓገዝን ደገፍን የድልዮም እዩ ዝብል ሻቕሎት ምስ ዝህሉ፡ እቶም ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና ብመሰረት ሕጊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት፡ ምዕራፍ 19 ዓንቀጽ 1 ናይ ስክፍታ ምልክታ ናብ እንዳ ሶሻል ብቐጽበት ክሕብሩ ይግደዱ። እዚ ናብ እንዳ ሶሻል ምልክታ ስክፍታ፡ ንስኻ ከም ወላዲ ወይ ኣላዪ ኣብ ምዕባይ ውላድካ ደገፍን ሓገዝን የድልየካ ድዩ ኣየድልየካን ንምፍላጥ ዝዓለመ እዩ።


እዚ ናብ እንዳ ሶሻል ዝቐርብ ምልክታ፡ ኩሉ ግዜ ኣብ ስክፍታ ናይቲ ቈልዓ ዝተመርኮሰ እዩ።
እቲ ምልክታ፡ ቆልዓ ዘድልዮ ኣይረክብን ኣሎ ዝብል ስክፍታታት ክኸውን ይኽእል፡ ንኣብነት ወለዲ ናይ ባዕሎም ጸገማት ስለ ዘለዎም፡ እቲ ቈልዓ ዘድልዮ ሓልዮትን ምእላይን ምስ ዘይረክብ ወይ ጉድለት መግቢ፡ ጽሬት፡ መድሃኒትን ክንክን ስንን ምስ ዝህልዎ ወይ ድማ እቲ ቈልዓ ንኣእምሮኣዊ ወይ ኣካላዊ መጥቃዕቲ ወይ ጾታዊ ዓመጽ ይቃላዕ ኣሎ ዝብል ስክፍታ ምስ ዝህሉ ክኸውን ይኽእል።

እቲ ምልክታ ተገይሩ ድዩ ኣይተገብረን ብዘየገድስ፡ ውላድካን ንስኻን ጽቡቕ ክንክንን ጽቡቕ ኣተሓሕዛን ንኽትረኽቡ መሰል ኣለኩም። ናብ እንዳ ሶሻል ናይ ስክፍታ ምልክታ ምስ ዝመጽእ እንታይ ከም ዘጋጥም ንምፍላጥ እተን ኣብ ክንክን ጥዕና ዘባ ስኮነ ዝሰርሓ ኣማኸርቲ(ኩራቶር) ክሕግዛኹም ይኽእላ። ኣብ'ቲ ክፍሊ ጥዕና ወይ ክሊኒክ ንዝርከቡ ሰራሕተኛታት ምስ ኣማኻሪት ክራኽቡኹም ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

እቲ ምልክታ ምስ'ቲ ናይ ቈልዓ ክንክን ዝተኣሳሰር እንተኾይኑ፡ ነቲ ቈልዓ ክንክንን ሕክምናን ምሃብ ሓላፍነት ናይ እቶም ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና ኮይኑ እንዳ ሶሻል ድማ ነቲ መርመራ ሓላፍነት ወሲዱ የካይዶ። እቲ ሕክምናዊ መርመራታት፡ ቈልዓ ብሸለልትነት ከም ዝተታሕዘ ወይ ከም ዝተጎደአ እንተ ዘየረጋግጹ፡ እዚ ኣብ መዝገብ ሕክምና ይስነድ እሞ ንእንዳ ሶሻል ድማ ይሕበሩ።

# ካብ ሕጊ ማሕበራዊ ኣገልግሎ ምዕራፍ 19 ዓንቀጽ 1

*ንጥፈታቶም ንቈልዑን መንእሰያትን ዝምልከት ሰብ-መዚ ከምኡ'ውን ካልኦት ኣብ ክንክን ጥዕናን ሕክምናን ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ዝነጥፉ ሰብ-መዚ፡ ኣብ መስርሕ ንጥፈታቶም ሓደ ቈልዓ ይጉዳእ ከምዘሎ እንተ ፈሊጦም ወይ እንተ ጠርጢሮም፡ ብቕልጡፍ ናብ ሽማግለ ማሕበራዊ ጉዳያት ክሕብሩ ግዴታ ኣለዎም።*



# ምልክታ ኣብ ዝግበረሉ እንታይ የጋጥም?

እቲ ምልክታ ናብ'ቲ ቈልዓ ዝነብረሉ ቦታ ዘሎ እንዳ ሶሻል ይመጽእ።

እንዳ ሶሻል ኩሉ ግዜ ብዝተኻእለ መጠን ምስቲ ቈልዓን ስድራቤትን ብምትሕብባር መርመራኦም ከካይዱ ይጽዕሩ።

እቲ ምልክታ ናብ እንዳ ሶሻል ምስ በጽሐ፡ መብዛሕትኡ ግዜ እቲ ቈልዓን ኣላዩኡን ንኣኼባ ይጽውዑ። ኣብ'ቲ ርክብ፡ እንዳ ሶሻል ነቲ ቈልዓ ከመይ ከምዘሎ ክምርምርዎ የድሊ ድዩ ኣየድልን ይውስኑ። ሓደ ሓደ ግዜ እቲ ምልክታ ዝለኣኸ ሰብ ኣብቲ ኣኼባ ይመጽእ እዩ።

እቲ ቈልዓ ወይ ወላዲ ኣብ ሆስፒታል ደቂሱ እንተሎ፡ እታ ሰራሕተኛ እንዳ ሶሻል ሃንድሌጋረ ሓደ ሓደ ግዜ ናብ'ቲ ክፍሊ ሕክምና ብምምጻእ ከም ወላዲ ካባኻን ካብ ሓኪምን ካልኦት ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕናን ሓበሬታ ትረክብ።

እንዳ ሶሻል መርመራ እንተጀሚሮም ምሉእ ስእሊ ንምርካብ ብዙሕ ግዜ ምስ ካልኦት ከም ቤ.ቬ.ሴ፡ መዋእለ-ሕጻናትን ቤት ትምህርቲን ይራኸቡ።
ኣድላይ ምስ ዝኸውን ድማ እንዳ ሶሻል ምስቶም ዝምልከቶም ኣካላት ናይ ምምኽኻር ኣኼባ ይጽውዑ።

ሓደ መርመራ እንተበዝሐ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ይወስድ። እቲ መርመራ ቈልዓን ስድራቤቱን እንታይ ዓይነት ሓገዝን ደገፍን ከድልዮም ከም ዝኽእልን/ወይ ድማ እቲ ቈልዓ ንኸይህሰ ምክልኻል(ጸወን) ዘድልዮ እንተኾይኑን ይውስን። ውጽኢት ናይ'ቲ መርመራ፡ ወላዲ እንተ ኣፍቂዱ ነቲ ወሃቢ ክንክን ጥዕና ይሕበሮ።